## ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ
## ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ
## (10ይ ክፋል)




*ታሪኽ ግፍዕታት ገዛእቲ ምዝካር ዘድልየሉ ምኽንያት፡ ኣብ ሕሉፍ ንምንባር ወይ ቂምን ጽልኢን ንምቝጻር ዘይኮነ፡ ካብኡ ትምህርቲ ብምቕሳም፡ ኣሉታዊ ታሪኽ ከይድገም ንቕሓት ንምፍጣር እዩ። ብኣጋጣሚ ዝኽሪ 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ህልዊን መጻኢን ወለዶታት ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ኢትዮጵያውያን እውን ክፈልጥዎ ዝግባእ፡ ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒን ገበንን ብጽምቝ ዝበለ ንኣንበብታ ተቕርብ።*

ክሳብ 9ይ ክፋል ብተኸታታሊ ዘቕረብናልኩም ጽሑፍ፡ ብኣሕተምቲ ሕድሪ እተሰናደኦት መጽሓፍ “ግፍዒ፡ ዛንታታት ተሞኩሮ ገድሊ ቅጺ-8” ኣብ መእተዊ ጽሑፋ ኣስፊራቶ ዘላ እዩ። ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ግን ምስ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ኣየብቅዐን። ቀጺሉ ዝቐርብ ጽሑፍ ከኣ፡ ካብ 9ይ ቅጺ ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ መጽሓፍ “መኸተ፡ ካልኣይ ገድሊ ንምክልኻል ሃገር” ዝተወስደ ኮይኑ ኣብ እዋን ወራራት ወያነ (1998-2000) ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒታት ዝገልጽ እዩ።

ሰላማዊ ህዝቢ ኣካል ውግእ ምግባር፡ ባህሊ ቀዳሞት መሳፍንቲ ኣቢስንያ'ዩ። ኣብ ግዜ ወራር፡ ህዝቢ ምሉእ ጸላኢ ሓሲብካ፡ ቀልዓ ሰበይቲ ከይፈለኻ ምቕንጻል፡ ንብረቱ ምርሳይን ጥሪቱ ምዝማትን ኣብ ባህሊ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ከም ዓቢ ጅግንነታዊ ተግባር'ዩ ዝቝጸር። በዓል ውቤ፡ ሱባጋድስ፡ ኣሉላን ካልኦትን

ንዝተፈላለየ ከባቢታት ናይ ሎሚ ኤርትራ እናወረሩ ዝፈጸምዎ መሰከሕ ግፍዒታት ጽዊኻ ኣይውዳእን። ብተሰፋዬ ገብርኣብ ዝተደርሰት፡ መጽሓፍ ቀይ-ዘመን (ናይ ትግርኛ ትርጉም ደማዊ ዘመን) ብዛዕባ'ቲ ግዜ'ቲ ብዙሕ ሓበሬታ ዝሓዘት ብምዃና በዚ ኣጋጣሚ ክትንበብ ነዘኻኽር።

ኤውሮጳውያን ገዛእቲ፡ መሬት እንዳማቶም ወሪሮም ኣብ ትሕቲ ግዝኣቶም ክእትዉ እንከለዉ፡ ዕላማኦም ጸጋታት ምግባት ጥራይ ኣይነበረን። እንተላይ ሕሱር ጉልበት ናይቲ ዝገዝእዎ ህዝቢ እውን ክጥቀምሉ ብምሕሳብ እዮም። በዚ ምኽንያት፡ ግፍዒታቶም ብዝያዳ ናብቶም ንመግዛእቶም ዝተቓወሙ ዝቐንዐ እዩ ነይሩ። ብኣንጻሩ ከም ገዛእቲ ኣቢሲንያ ዝኣመሰሉ መስፍናውያን ገዛእቲ ቀንዲ ዕላማኦም ዘይናትካ መሬት ምግባት ስለዝኾነ፡ ነቲ ዝወረርዎ ህዝቢ ከጽንትዎ ወይ ኣንበርኪኾም ግዝኣቶም ከምዝርዕም ክገብሩዎ እዩ ዕላማኦም። በዚ ምኽንያት ኣብ መበል 19 ክፍለዘመን ገዛእቲ ኣቢሲንያ ደርጐኛ ሰራዊቶም ናብ መረብ ምላሽ ብተደጋጋሚ እናሰገሩ፡ ነቲ ህዝቢ ኣንበርኪኾም ርስቱን ንምግባት ዝፍጽምዎ ዝነበሩ ኣረሜንነት መዳርግቲ የብሉን። በዚ ናይ ቅትል፡ ኣዕኑ ዝመት ወራራት፡ እቲ ዘይናቱ ዘይደሊ፡ ብህርኩትናኡን ሃብቱን ጥሪቱን ዝፍለጥ ጻዕረኛ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሓሪሱ ዝሓፈሶ ምህርቲ፡ ኣንሲሱ ዘፍረየን ጥሪትን መጽዓኛን እናተዘምታ ንኸቢድ ሽግር እናተቓልዐ፡ ክሳብ መግዛእቲ ጣልያን ዘርከብ ንነዊሕ እዋን ሰላምን ቅሳነትን ዘይብሉ ህይወት እዩ ኣሕሊፉ።

እዚ ድሑር መስፍናዊ ያታ ገዛእቲ ኣቢሲንያ፡ ኣብ እዋን ጃንሆይን ደርግን እውን ክድገም ተራእዩ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ብሕጽር ዝብለ ኣቀራርባ ተገሊጹ ዘሎ፡ ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን፡ ብውዲት ርእሰ ሓያላን፡ መሬት ኤርትራ ክረግጹ ዕድል ካብ ዝረኸብሉ ዕለት ጀሚሮም ክሳብ ናጽነት፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምጭፍላቕ፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝፈጸምዎ ጃምላዊ ህልቂትን ግፍዕን ናይ ኲናት ገበንን ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ኤርትራ፡ ብውዲት ርእሰ-ሓያላን ምስ ኢትዮጵያ ክትቑረን ከላ፡ "እምቢ ያለ ሰው ጥይት ኣጉርሰው!" (እምቢ ዝበለ ጥይት ኣኾሉሶ) ኢሉ ዝጀመረ ኣረሜንነቶም፡ "ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየናን፡ ዓሳ ንምጽናት ባሕሪ ምንጻፍ!" እናተባህለ ን30 ዓመታት ቀጺሉ። ዛጊት ዝተኻየዱ መጽናዕቲታት ከምዘረጋግጽዎ

ኣብ ግዜ ጃንሆይን ደርግን ኣስታት 50,000 ሰላማውያን ኤርትራውያን ብውልቂን ብእኩብን ሃሊቖም እዮም።

ብስልጡን መትከላት፡ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፡ እዚ ገበን'ዚ ብወግዒ ይቕሬታ ክሕተተሉን ካሕሳ ክኽፈለሉን ይግባእ ነይሩ እዩ። እንተኾነ ህዝቢ ኤርትራን መንግስቱን ብረዚን ዋጋ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ካብ መሬቶም ሓግሒጎም ናጽነቶም ድሕሪ ምጉንጻፍ፡ ዝሓለፈ ምዕራፍ ብምዕጻው፡ ንቕድሚት ክጥምቱ እዮም መሪጾም። መጻኢ ረብሓ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝዓበየን ዝሰፍሐን ምዃኑ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሰላማዊ ጉርብትናን ምሕዝነትን ምስቲ ሓድሽ ስርዓት ኢትዮጵያ ድማ ናይ ምትሕብባርን ምምልላእን ድልዱል ዝምድና መስሪቶም ንሰላምን ምርግጋእን ዕብየትን ህዝቢታት'ዚ ዞባ ብሓባር ንምስራሕ  እዮም ብሂጎም።

የግዳስ ሸውዓተ ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ፡ ሕሉፍ ታሪኽ ደጊሱ። እቲ ብዘይተቼጠበ ደገፍ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መንበረ ስልጣን 4 ኪሎ ዝደየበ ስርዓት ወያነ እውን፡ ካብ ሰላማዊ ጉርብትናን ተሓባቢርካ ምዕባይን ንረብሓ ግዳማውያን ሓይልታት ክኽድም መሪጹ። ብኣሸቀልቱ ዝተዋህቦ ተልእኾ ንምፍጻም ከኣ ብዶብ ኣሳቢቡ ዳግም ንህዝቢ ኤርትራ ክወርርን ከንበርክኽን ኣንቂዱ። እዚ ስርዓት'ዚ እውን ከም ዝሓለፉ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ መስርሕ ናይቲ ወራር፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዘይተኣደነ ግፍዒታት ኣብ ርእሲ ምፍጻሙ፡ ብደብዳብ መዳፍዕን ነፈርቲን ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ብዙሕ ጉድኣት ኣውሪዱ፡ ብወራር ኣብ ዝኣተዎ ዓድታት ኤርትራ፡ ካብ ምዕማጽ ደቀንስትዮ ክሳብ ምፍሓር መቓብር ሰማእታት ዝበጽሐ ነውራም ተግባራት ፈጺሙን ብኣማኢት ሚልዮናት ዝግመት ንብረት ኣዕንዩን ዘሚቱን።

እቲ ኣብ እዋን ወራር ወያነ ዝተራእየ ናብ ሰላማዊ ህዝቢን ንብረቱን ዝቐንዐ መጥቃዕቲ፡ ዝምታን ዕንወትን ካልእ ዘይኮነ መቐጸልታ ናይቲ ድሑር መስፍናዊ ባህሊ ገዛእቲ ኣቢሲንያ እዩ ነይሩ። ጀነራል ስብሓት ኤፍሬም፡ ሳልሳይ ወራር ወያነ ተረኺምሹ፡ ውጥናት ናይቲ ወራር ተዘሪጉ፡ ወራሪ ሰራዊት ወያነ ዘፍ ኣብ ዝበለሉ ቅንያት ማለት ብ25 ሰነ 2000 ምስ ቴለቪዥን ኤርትራ ኣብ ዘካየዶ ቃለ-መሕትት፡

**እቲ ወራሪ ሰራዊት ኣብ መሬት ኤርትራ ንዝፈጸሞ ግፍዒ፡ ዝምታን ዕንወትን ብዝምልከት ከምዚ ክብል ገሊጹ ነይሩ።**



*“ህዝቢን ንብረቱን ኣካል ናይ ውግእ ምግባር ካብ ነዊሕ ዝጸንሐ ሕማም ገዛእቲ ኢትዮጵያ እዩ። ሓቂ’ዩ ኣብ ኲናት ጽቡቕ ነገር የለን። ኣብ ውግእ ሰላማዊ ሰብን ንብረትን ይልከም’ዩ። ደይ መደይ ኢልካ ገዛ ገዛ እናኣተኻ ኣበይ ኣላ ፍንጃል፡ ኣበይ ኣላ ኩባያ እናበልካ ክትሰርቕ፡ ክተዕኑ ምፍታን ግን፡ ሓደ ካብ ዘሕዝን ባህርያት ሰራዊት ኢትዮጵያ እዩ። ንብረት ይጠፍእ-ይጥረ እዩ። እቲ ዝኸፍአ ኣብ ስምዒት ሰብ ዝገድፎ ቁስሊ እዩ። ካብቲ ዝምታን ዕንወትን ንላዕሊ ዘተሓሳስብ፡ እቲ ገዲፎሞ ዘለው ንነዊሕ ዝኸይድ በሰላ እዩ። ነዚ ብሓባር ዝነብር ህዝብታት ገዲፎምሉ ዘለው ስምዒት እቲ ዝዓበየ ዕዳ እዩ።”*

**ኣብ እዋን ወራራት ወያነ፡ ኤርትራ ምእንቲ ሰላም ክትብል ዝተኸተለቶ ኣብ ምክልኻል ዝተሓጽረ ወተሃደራዊ ስትራተጂ፡ ዋላ’ኳ ኣብ መወዳእታ ነቲ ዓቢ ውጥን ወያነ ኣብ ምዝራግን ምብርዓንን ተዓዊታትሉ እንተወጸት፡ ህዝቢ ኤርትራ ከቢድ ዋጋ ከፊሉሉ እዩ። ኣብ እዋን እቲ ወራር፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ *“ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን እዋን ቀዳመይቲ ጥይት ኣይንትኩሰን”* ብዝብል ጽኑዕ ፖለቲካዊ ውሳነ ተቐይዱ እዩ ዝዋጋእ ነይሩ። እዚ ውሳነ’ዚ ወራሪ ስርዓት ወያነ፡ ናይ ተበግሶ ዕድል ክጭብጥ ኣኽኢሉዎ እዩ። በዚ ድማ፡ እቲ ውግእ ኣብ መሬት ኤርትራ ክካየድ ግድን እዩ ነይሩ። ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ “ካብ ኣህጉራዊ ዶባት ከይሓልፍ” ብዝተዋህቦ መምርሒ፡ ዋላ ዕድላት እናረኸበ፡ ዶብ ሰጊሩ ኣብ መሬት ኢትዮጵያ ኣትዩ ዘካየዶ ውግእ ኣይነበረን።**

ኣብ ናይ ምክልኻል ወተሃደራዊ ስትራተጂ 1000 ኪ.ሜ. ዝንውሓቱ ዶባት፡ ጸላኢ ከምዘይሰልኩ ገይርካ ክትሓጽሮ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። ብወተሃደራዊ ስነ-ፍልጠት ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ሰፊሕ ቦታ፡ ባዕላዊ ተበግሶ ጨቢጥካ፡ ድኻማት ጸላኢ እናመዝመዝካ፡ ኣብ ዝጥዕም ግዜን ኣብ ዝመረጽካዮ ቦታን ብንጡፍ ተበግሶን መጥቃዕቲን ጥራይ ኢኻ ክትከላኸለሉ እትኽእል። በቲ ዝተጠቕሰ ፖለቲካዊ ውሳነ ግን፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝነበሮ ኣማራጺ፡ እቲ ወራሪ ሰራዊት ተኹሲ ድሕሪ ምኽፋቱ፡ ኣንፈት ምንቅስቓሱ እናመዘነ ብምትዕጽጻፍ ምምካት ጥራይ እዩ ነይሩ። ኣብ ውግእ ብሓፈሻ፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ውግእ ድማ ብፍላይ ክትደፍእን ክትድፋእን ንቡር ስለዝኾነ ድማ፡ ኣብ ኩሉ'ቲ ዕርድታት ተታሒዝሉ ዝነበረ ከባቢታት፡ ኣውራ ድማ ኣብ ደቡብን ምዕራብን ኤርትራ ዝነብር ህዝብና በቲ ኩናት ብዙሕ ጸገም ገጢምዎ እዩ።

ገለ ዓበይቲ ዕላማታት ወራር ወያነ፡ ቁጠባን ትሕተ-ቅርጺን ኣዕኒኻ፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ካብ ስልጣን ኣሊኻ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጸበባን ጥሜትን ኣወዲቕካ ሞራሉ ብምስባርን ብምርዓድን፡ ሓንቲ ብወኪል ወያነ እትመሓደር፡ ትርጉም ህላወ ዘይብላ ኤርትራ ክውን ምግባር እዩ ነይሩ። በዚ ድማ፡ ወያነ ኩናት ድሕሪ ምእዋጁ፡ ሰላማዊ ህዝቢ ምርዓድን ምንብርካኽን ንብረቱ ኣዕኒኻን ዘሚትካን ምድካዩን ምምሳኑን ከም ኣካል ናይቲ ኩናት እዩ ጠሚቱዎ። በዚ መንፈስ'ዚ ስርዓት ወያነ፡ ጎኒ ጎኒ'ቲ ኩናት፦

---

- ***ኣብ ኢትዮጵያ ዝቕመጡ ዝነበሩ ኤርትራውያንን ኤርትራዊ መበቆል ዘለዎም ዜጋታት እታ ሃገርን ብኣዝዩ ግፍዓዊ ኣገባብ ምብራር፣ ንብረቶምን ገንዘቦምን ምርሳይ፣***
- ***ናብ ዓዶም እንተተባረሮም ኣብቲ ውግእ ተሰሊፎም ክገጥሙና ይኽእሉ እዮም ዝተባህሉ ነበርቲ ኢትዮጵያ መንእሰያት፡ ከም ምሩኻት ኣብ መዓስከራት ዳጕንካ ምርዓድን ምስቓይን፣***
- ***ኣብ ግዜ ምስንግ ደይ መደይ ኢልካ ስድራቤታት ምብትታን፣ ቆልዑን ህጻናትን ካብ ስድራኦም ፈሊኻ ብምብራር ጭንቀትን ብስጭትን ምፍጣር፣***
- ***ክንክን ዘድልዮም ሕሙማት፡ ነብሶ ጾራት፡ ሓራሳት፡ ስንኩላን፡ ኣረጋውያን ብዘሰካሕክሕ ኣገባብ ምብራር፡ ምግፋዕን ምስቓይን፣***

---

- ***ኣብታ ሃገር ዝቐመጡ ዝነበሩ ዜጋታት ኤርትራ ብዘይ ሕጊ ምእሳር፡ ምቕጥቃጥን ምርሻንን፣***
- ***ኣብቲ ግዜ ኲናት፡ ብደብዳብ ነፈርቲን ከቢድ ብረትን፡ ደይ-መደይ ኢልካ ሲቪላዊ ዒላማታትን ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ምዕናው፣ ኣብ ከም ተሰነይ፡ ዓሊግደር፡ ባረንቱ ሰንዓፈ ዝጸንሐ ቁጠባዊ ትካላት ምዕናው፣***
- ***ብወራር ኣብ ዝተበጽሐ ቦታታት፡ ንህዝቢ ካብ ገዛእ ዓድታቱን ከተማታቱን ምስጓግን ምምዝባልን፣ ክሳብ 30 ዓመት ዝዕድመኦም፡ ኣብ ዓድታቶም ዝጸንሑ መንእሰያት ከም ምሩኻት ይተሓዙ ብዝብል መምርሒ ሳዕለዋይ ኣካል ኣብ መዳጎኒ መዓስከራት ምእካብ፣***
- ***ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ጾታዊ ዓመጽ ምፍጻም፣***
- ***ህዝቢ ዝነብረሉ ኣባይቲ ምፍራስ፡ ኣዕኑድ ዚንጎታትን መዓጹን ቀንጢጥካ ናብ ትግራይ ምግዓዝ፣***
- ***ታሪኻዊን ባህላዊን ቅርሲታት ከም ሓወልቲ መጠራ ምዕናው፣ ኣብያተ ክርስትያንን መሳጊድን ምዕናውን ንብረቱን ቅዱሳት ጽሑፋትን ምዝማትን ምቅጻልን፣***
- ***ኣብ ዝኣተኻዮ ዓዲ ዝጸንሐ ካብ ዝደቐቐ ክሳብ ዝለዓለ ንብረት ህዝቢን መንግስቲን ምርሳይ፣ ጥሪት ምዝማት፣ (ኣብዚ ዝምታ'ዚ ዝዋፈር፡ ኣሎ ዝበሃል መጽዓኛ ካብ መላእ ትግራይ ተኣኪቡ ከምዝመጽእ እዩ ተገይሩ)***
- ***ሕሉፍ ሓሊፍካ መቓብር ሰማእታት ምፍሓር፣ ዝኣመሰለ ንሰማዒኡ ዘሰደምም ናይ ዝምታን ዕንወትን ተግባራት'ዩ ፈጺሙ።***

---